# ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶን ኤ.ህ.ጉን (ኢስላሕ)
# ብዛዕባ ጉዳያት ኪዳን ካዕባዊ ዝርርብ ኣካይዶም

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ
27.03.2007

ናይ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶን ኤርትራዊ ህዝባዊ ጉባኤን (ኤ.ህ.ጉ) ላዕለዎት ልኡኻት፡ ብመጋቢት 26 መጋቢት 2007 ኣብ ካርቱም ካእባዊ ዝርርብ ብምክያድ ናይ ካልኣይ ጉባኣአ ኪዳን ውጽኢት መዚኖም።

ብተበግሶ ኤ.ህ.ጉ. (ብኤርትራዊ እስላማዊ ናይ ኢስላሕ ምንቅስቓስ እውን ዝፍለጥ ውድብ) ዝተዓደመ ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ድማ ዝተኻየደ ርክክብ፡ ብሸነኽ ኢስላሕ ኣደም እስማዒል (ኣቡ ሓርስ)፡ ሓላፊ ምጣኔ ሃብታዊን ፋናንሳዊን ጉዳያት፣ ዓሊ መሃመድ ስዒድ ናይ ዜና ሓላፊ፣ ዓብዱራሕማን ዑስማን (ኣቡ በድር)፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ካርቱም ዝተሳተፍዎ ክኸውን እንከሎ፤ ብሸነኽ ተ.ሓኣኤ ሰውራዊ ባይቶ ድማ፡ ወልደሱስ ዓማር ኣቦ መንበር ውድብ፣ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ምኽትል ኣቦ መንበር፣ ጅምዕ ኣሕመድ ሓላፊ ሕረተሰባዊ ጉዳያት ቤ.ጽን. መሓመድ ኣደም ኣርትዓ ሓላፊ ቤ.ጽ. ጉዳያት መናሰይን ደቂ ኣንስትዮን ተሳቲፎም ነበሩ።

ክልቲኦም ወገናት ንጉባኤ ኪዳን ኣብ ምምዛን፡ ኑቲ ዘከራኸር ዝነበረ ዓንቀጻት ናይ ቻርተር ማእከላዊ ፍታሓት ብምንዳይ ክፈትሕዎ ምኽኣሎም ዝምድናዊ ዓወት ከም ዘረጋግጹ ተሰማምዑ። ብዛዕባ ጠንቂ ናይ'ቲ ድሒሩ ዝተጋህደ ቅልውላው ድማ፡ ክልቲኦም ሸነኻት ዝተፈላለዩ ተገንዝቦ ነበሮም። ይኹን'ምበር እቲ መሪር ሓቂ ናይ ኪዳን ማእከላይ ባይቶ መሪሕነት ካብ ምምራጽ ከም ዝፈሸለ ተሰማምዑ።

ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዘቕረቦ፡ ጉባኤ ኪዳን ክግበር እንከሎ ብመሰረቱ ንዓበይቲ ጉዳያት፣ እንከላይ ጉዳይ መጠናዊ ውክልና፣ ንኽፈትሕ እዩ ዝተገብረ። ግንከ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ጉባኤ ምእንቲ ክፍታሕ ዝኾነ ይኹን ጻዕሪ ስለ ዘይገበረ፡ ከም ብሓድሽ ተንጠልጢሉ ከም ዝተርፍ ኮይኑ እዩ ብማለት ኣመልከተ።

ኤ.ህ.ጉ / ምንቅስቓስ ኢስላሕ ድማ ብወገኖም፡ እቲ ኪዳን ናብ ክልተ ሸነኻት ምፍንጫሉ ናይ ዝኾነ ይኹን ረብሓ ከም ዘይኮነ፡ ክሳብ ብግብሪ ከም ክውን ዝርኤ ድማ ዝኾነ ኣባል ውድብ ይጽበዮ ከም ዘይነበረ ገለጹ።

ልኡኽ ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶ ነቲ ቻርተር ኣብ ምምሕያሽ ናይ ኢስላሕ ምንቅስቓስ ዝተጻወትዎ ተራ ኣዕጋቢ ከም ዝነበረ ክገልጽ እንከሎ ንሳልሳይ ግዜ ሑሰን ኸሊፋ ኣቦ መንበር ንክኸውን ምንቅስቓስ ኢስላሕ ግድን ክብል ከሎ ግን

ከም ዘገረሞ ኣይሓብኤን። ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ. ኣብ ልዕሊ ሑሰን ኸሊፋ ኮነ ኣሓት ውድባቱ፡ ዝኾነ ይኹን ሕማቕ ስምዒት ከም ዘይብሉ ኣረጋገጸ፡ ይኹን'ምበር ነቲ ኣብ ትሕቲ ሑሰን ንኽልተ ዓመት ዝኣክል፡ ዝምራሕ ዝነበረ ፈጻሚ ኣካል ዘቐረቦ፡ ጐደሎ ጸብጻብ ኣብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ድሕሪ ምርኣይ፡ ኩለን ውድባት ንሑሰን ከም ብሓድሽ ንኽመርሕ ኣብ ምሕጻይ ክደርቃ እዩን ዝብል ትጽቢት ከም ዘይነበሮ ገለጸ።
ልኡኽ ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ. እቲ ብናይ ሎሚ ብሎክ-1 ኣብ ኣኼባ ማኣከላይ ባይቶ ዝቐረበ ንድፊ ማእከላዊ ፍታሕ፡ ነቲ ኣብ ኪዳን ዝተረኸበ ምፍንጫል ከድሕን ዝኽእል ወድዓዊ ርእይቶ ከም ዝነበረ ገለጸ።

ምንቅስቓስ ኢስላሕን ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶን ኣብ ህይወት ናይ ዝኾነ ምሕዝነት ኣገዳስነት ናይ ስምምዕ መሰረታዊ ምኺኑ ኣስመሩሉ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፣ ኪዳን ኣብ ክልተ ሸነካት ተመቒሉ ኣብ ዝርከበሉ፣ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ክለቲኡ ወገናት ኪዳን ኮነ ኣብ መንጎ ካልኦት ተቓወምቲ ውድባት፡ ንጉዳይ ምውህሃድ ከቃልል ዝኽእል ኣገባብ ምንዳይ ከም ዘድሊ ተሰማምዑ።